Refugee Council
help and advice

November 2006

# ኣብ ዓዲ እንግሊዝ (England) ቤት ንምርካብ ዝሕግዝ መምርሒ

ነቲ ዘቕረብክሞ ናይ ዑቕባ ሕቶ ብዝምልከት፡ ካብዞም ኣብ ታሕቲ ዝርከቡ ወረቓቕቲ ዝተወሃበካ ኣሎዶ?

- ናይ ስደተኛ መንበሪ ፍቓድ (Refugee status)
- ናይ ሰብኣዊ ድሕነት ዑቕባ (Humanitarian protection)
- ግዚያዊ መንበሪ ፍቓድ (Discretionary leave)

ካብዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ውሳኔታት ሓደ እንተደኣ ተዋሂብኩም ኮይኑ፡ እሞ መንበሪ ኣልቦ እንተደኣ ወይድማ መንበሪ ኣልቦ ክትኮኑ እንተደኣ ቀሪብኩም ኰንኩም፡ እዚ ሓጺር ጽሑፍ'ዚ ከመርይ ጌርኩም መንበር ገዛ ክትረኽቡ ከምትኽእሉ ሓበሬታ የቕርብ።

**ኣድላዪ ምልክታ፥** ብሃገራዊ ስደተኛታት ደገፍ ኣገልግሎት (National Asylum Support Service) (NASS) መንበሪ ዝተዋህበኩም እንተደኣ ኰንኩም፡ ካልእ መንበሪ ኣባይቲ ንኽትረኽቡ እንተበዝሐ 28 መዓልታት ጥራይ ይወሃበኩም።

## ኣባይቲ ናይ ምርካብ ምኽሪ ብኸመይ ይረክብ?

መጀመሪያ ምኽሪ ንምርካብ ናብቲ ኣብ ከባቢኹም ዝርከብ ናይ ኣባይቲ ኣገልግሎት ዝህብ ናይ ከባቢ በዓል ስልጣን (local authority)፣ ከምእውን ናይ ከባቢ ቤት ምኽሪ ተባሂሉ ዝጽዋዕ፡ ክትከዱ ይግበእ። እዚ ክፍሊ ኣባይቲ ዝኮነ ናይ ከባቢ በዓል ስልጣን ኣበይ ከምዝርከብ እንተደኣ ዘይትፈልጡ ኰንኩም፡ ኣብቲ ዝተፈላለየ ምኽሪ ዝርከበሉ ቦታ (Citizens Advice Bureau) (CAB) ወይድማ ኣብቲ ናይ ስደተኛታት ናይ ግብረ ሰናይ ማሕበራት፡ ህዝባዊ ቤት መጻሕፍቲ፡ ወይድማ ቤት ምኽሪ ስደተኛታት (Refugee Council) ዝኣመሰሉ ናይ ምኽሪ ማእከላት ብምኻድ ምኽሪ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም። ኣቕዲምኩም ምሳታቶም ቆጸራ ንኽትሕዙ ፈትኑ። ናብኡ ክትከዱ ከለኹም እዞም ዝስዕቡ ወረቓቕቲ ሒዝኩም ክትከዱ ኣሎኩም፥

- ዝተወሃበኩም ፍቓድ ዝገልጽ ካብ ናይ ሃገራዊ ዲረክተር ኢሚግሬሽንን ዜግነትን ሚኒስተር ውሽጣዊ ጉዳያት (Home Office Immigration and Nationality Directorate) (IND) ዝተዋህበኩም ደብዳቤ፤ ከምእውን
- ካብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ደገፍ ኣገልግሎት (National Asylum Support Service) (NASS) ዝተወሃብክምዎ ካብቲ NASS ሂብኩም ዘሎ ኣባይቲ ክትወጹ ከምዘሎኩም ዝሕብር ምልክታ – እዚ ምልክታ እዚ NASS 35 ፎርም ወይድማ ካብ NASS ዝተዋሃበኩም ንኽትወጹ ዝሓተኩም ደብዳቤ ክኸውን ይኽእል ኢዩ፤ ከምእውን
- ዝኾነ ካልእ ናይ ግልኹም ዝኾነ ሓበሬታ፡ ከምኒ ናይ ሕክምና ሓበሬታ ዝኣመሰሉ።

እቲ ኣብ ከባቢኹም በዓል ስልጣን ዘሎ ናይ ኣባይቲ ኣከልግሎታት መንበሪ ኣባይቲ ንምርካብ ዘሎኩም ኣማራጺታት እንታይ ሙኻኑ፡ ከምእውን እንታይ ዓይነት በነፊት/ሓገዝ ከምትረኽቡ ምኽሪ ክህበኩም ይኽእል እዩ። እቶም ዝነግርኹም ኣዚዮም ጠቕምቲ ዝኮኑ በነፊታት ከምዚ ዝስዕቡ እዮም፥

- ናይ ኣባይቲ በነፊት (Housing benefit) (እዚ ነቲ እትከፍልዎ ክራይ መብዛሕትኡ ወይድማ ኩሉ ዝሽፍን እዩ)
- ንደለይቲ ስራሕ ዝዋሃብ ኣበል(Jobseeker’s allowance) ወይድማ ናይ ኣታዊ ሓገዝ (income support)
- ናይ ካውንሰል ናይ ቀረጽ በነፊት (Council tax benefit)

ቅድሚ ምክራይ ዝግበር ውሳኔ ዝብል ፎርም ንኽትመልኡ ክሓትኹም እዮም። እዚ ድማ ናይ ኣባይቲ በነፊት ይግበኣኩም ሞኻኑን ዘይሙኻኑን ንምግምጋም ይሕግዞም። ብዛዕባ ካልእ ክትረኽብዎ እትኽእሉ ሓገዛት እውን ክነግርኹም


Registered charity no. 1014576 Registered company no. 2727514 Registered address: 240-250 Ferndale Road London SW9 8BB

ይግብኦም፡ ንኣብነት፤ ኣቑሑ ንምግዛእ ዘድሊ ናይ ገንዘብ ሓገዝ፣ ወይውን ካብ ናይ ግሊ ኣካረይቲ ገዛ ክትካረዩ እንተደኣ ትሓስቡ ኰንኩም ድማ ናይ ክራይ ትሕጃ ገንዘብ ንኽተትሕዙ ዝወሃብ ሓገዝ።

## ዘሎኒ ናይ ኣባይቲ ኣማራጺታት እንታይ እዩ?

### ናይ ከባቢ በዓል ስልጣን ኣባይቲ

ኣብቲ ናይ ከባቢኹም በዓል ስልጣን ዝርከብ ናይ ኣባይቲ ምኽሪ ኣገልግሎት (housing advisory service)፡ ወይድማ ናይ ኣባይቲ ኣድላይነት ተባሂሉ ዝጽዋዕ ፍልይ ዝበለ ክፍሊ ክትከዱ ይግብኣኩም። ኣብቲ ናይ ከባቢኹም በዓል ስልጣን ዘለው ኣባላት ሰራሕተኛታት ነቲ ናይ ከባቢ በዓል ስልጣን ኣባይቲ ንምርካብ ንምንታይ ቀዳምነት ከምዝወሃበኩም ንምፍላጥ፡ ነቲ ኩነታትኩም ክግምግምዎ እዮም፤ ንኣብነት፡ ምሳኹም ጽግዕተኛ ዝኾኑ ቆልዑ ወይድማ ኣካል ስንኩል እንተደኣ ኮንኩም ንምርኣይ። እቲ ኩነታትኩም ከምዚ እንተደኣ ኰይኑ ድማ ክሳብ ቀዋሚ ዝኾነ መንበሪ ዝወሃበኩም፡ ናይ ከባቢ በዓል ስልጣን ኣባይቲ ንግዚኡ ዝኸውን መንበሪ ክህብኹም ይኽእሉ እዮም። ብዙሕ ናይ ከባቢ በዓል ስልጣን ኣባይቲ ስለዘየለ፡ እዚ ንውሕ ዝበለ ግዜ ክወስድ ይኽእል እዩ። ነቲ/ነታ ናይ ከባቢኹም ኣማኻሪ/ሪት እዚ ክንደይ ግዜ ከምዝወስድ ክነግርኹም ሕተቶ/ሕተታ።

እቲ/እታ ናይ ኣባይቲ ኣማኻሪ/ሪት ንናትኩም ኩነታት ቀዳምነት ክህቦ/ክትህቦ ድማ ናይ ከባቢ በዓል ስልጣን ኣባይቲ ዝወሃብ ገዛ ክህበኩም/ክትህበኩም እንተዘይ ከኣለ/ለት፡ ብዛዕባ ኣባይቲ ናይ ምርካብ ዘሎኩም ካልእ ኣማራጺታት ክሕብርኹም ይግባእ። ሽምኩም ኣብቲ ናይ ከባቢ ኣባይቲ መዝገብ (housing register) ዝብል መዝገብ ንኽጽሕፍዎ ሕተትዎም። ብዛዕባ እዚ ድማ እቲ ናይ ኣባይቲ ኣማኻሪ ፍልይ ዝበለ ፎርም ንኽትመልኡ ኽሓተኩም እዩ። እንግሊዘኛ ቋንቋ ብዙሕ ዘይትመልኩ እንተደኣ ኰንኩም ክሕግዝኹም ሕተቱ።

ሽምኩም ኣብ ናይ ከባቢ ኣባይቲ መዝገብ እንተደኣ ኣሎ ኮይኑ፣ እቲ ናይ ከባቢ በዓል ስልጣን መንበሪ ኣባይቲ ክህበኩም ይኽእል ይኸውን እዩ፡ እንተኾነ ግን እዚ መስርሕ እዚ ነዊሕ ግዜ፡ ኣብ ሓደሓደ እዋን እውን ብዙሕ ዓመታት ክወስድ ይኽእል እዩ። ናብ ዝኾነ ናይ ከባቢ በዓል ስልጣን ከም መንበሪ ኣልቦ ኰንኩም እንተቀረብኩም፡ ገለገለ ቦታታት ዝበዝሐ ኣባይቲ ክህልወን ይኽእል እዩ። ኣብ ካልእ ቦታ ዘሎ ናይ ከባቢ በዓል ስልጣን ብዝቐልጠፈ ግዜ ኣባይቲ ክህበኩም ይኽእል ይኸውን። እዚ ማለት ድማ ኣበይ ክትነብሩ ከምትደልዩ ዝተወሰነ ምርጫ ጥራይ እንተደኣ ዘይብልኩም፡ ኣዝዩ ብዝቐልጠፈ እዋን ናይ ከባቢ በዓል ስልጣን ኣባይቲ ክትረኽቡ ትክእሉ ትኾኑ።

ብዙሓት ስራሕ ዘይብሎም ወይድማ ትሑት ኣታዊ ዘለዎም ሰባት ንናይ ከባቢ በዓል ስልጣን ኣባይቲ ንኽወሃቦም ይሓቱ፡ ስለዚ ድማ ኩሉ ግዜ ካብቲ ዘሎ ብዝሒ ቁጽሪ ናይ ኣባይቲ ንላዕሊ ዝበዝሑ ሰባት መንበሪ ይደልዩ። ካብቲ ናይ ከባቢ በዓል ስልጣን ዝወሃብ ክራይ ሕሱር ኮይኑ እቲ ቤት ድማ መብዛሕትኡ ግዜ ኣቑሑት ዘይብሉ እዩ።

### ናይ ኣባይቲ ማሕበራት (Housing associations) ወይድማ ካብ ምዝጉባት ዝኾኑ ናይ ማሕበረሰብ ወነንቲ ኣባይቲ ገዛ ምክራይ

ናይ ኣባይቲ ማሕበራት ዝበሃሉ ብዘይ ትርፊ ናይ ክራይ ኣባይቲ ዘቕርቡ፡ ነቲ ዘለዎም ኣባይቲ ድማ ንናይ ነዊሕ ውዕል ዘካርዩ እዮም። እቲ ክራይ ብዙሕ ክቡር ኣይኮነን እንተኾነ ግን መብዛሕቲኡ ግዜ ካብ ናይ ከባቢ በዓል ስልጣን ኣባይቲ ቁሩብ ልዕል ዝበለ ዋጋ እዩ። ኣብ ናይ ኣባይቲ ማሕበራት ገዛ ንምርካብ ከተመልክቱ እንተደኣ ደሊኹም፡ እቲ ኣብ ከባቢኩም ዘሎ ናይ ኣባይቲ ኣማኻሪኹም ናይቶም ኣብ ከባቢኩም ዝርከቡ ናይ ኣባይቲ ማሕበራት ዝርዝር ኣስማት ንኽህበኩም ሕተቱ። ደሓር ናብቲ ከተመልክትሉን ዝመረጽክሞ ናይ ኣባይቲ ማሕበር ብኣካል ኬድኩም፡ ተመዝገቡ፡ ወይድማ ሽምኩም ድማ ኣብቲ ናይ ተጠባበቕቲ መዝገብ ኣእትውዎ።

በቶም ምዝጉባት ዝኾኑ ናይ ማሕበረሰብ ወነንቲ ኣባይቲ ዝወሃብ ኣባይቲ ክትካረዩ እንተደኣ ደሊኹም፡ እዚ ኣብ ሆቴል ወይድማ ምስ ካልእ ሰብ ብሓንሳብ ምቕማጥ ዘለዎ ኮይኑ ሓደሓደ እዋን ድማ ምግቢ ዘለዎ ክኸውን ይክእል እዩ። ነቲ ናይ ኣባይቲ ኣማኻሪኹም ብዛዕብኡ ዝርዝር ሓበሬታ ክህበኩምን ከምእውን ናብቶም ምዝጉባት ዝኾኑ ናይ ማሕበረሰብ ወነንቲ ኣባይቲ ብኸመይ ከምትለኣኹ ሕተቱ።

ኩሉ ዘማለአ ኣባይቲ ንኽትካረ ክቡር እዩ። እዚ ኣማራጺ እዚ ንሓጺር ግዜ ክሳብ እቲ ዝወሃበካ በነፊት ዝሳለጠልካ ወይድማ ትሰርሕ እንተደኣ ኣሎኻ ዝውሰድ ኣማራጺ እዩ።



Registered charity no. 1014576 Registered company no. 2727514 Registered address: 240-250 Ferndale Road London SW9 8BB

## ብግሊ ዝካረ ኣባይቲ

ካብ ብግሊ ዘካርዩ ወነንቲ ኣባይቲ እውን መንበሪ ክትካረ ትኽእል ኢኻ። ብግሊ ዝካረዩ መንበሪ ኣባይቲ ንኽትረክብ ዝሕግዙካ ብዙሓት መንገድታት ኣለዉ፤ ናይ ከባቢ ጋዜጣ፣ ናኣሽቱ ድኳናት ከም ጋዜጣ ዝሸጡ ኤጀንት። ናብቲ ኣባይቲ ንምክራይ ዘጽነዐ ናይ መንግስቲ ኤጀንት እውን ክትከዱ ትኽእሉ ኢኹም፡ እንተኾነ ግን ነቲ ዝህብዎ ኣገልግሎት ዝያዳ ክፍሊት የክፍሉ እዮም። ነቲ ንሳቶም ዝነረኽቡልኩም ናይ ክራይ ገዛ ውዕል ምስ ፈረምኩም ሓንሳብ ግዜ ጥራይ ክትከፍልዎም ከምዘሎኩም ኣስተውዕሉ።

ኩሎም ወነንቲ ኣባይቲ፡ ክራይ ንኽከፍሉ ናይ ኣባይቲ በነፊት ዝጽበዩ ተኻረይቲ ክቕበሉ ስለዘይክእሉ፡ መጀመርያ ከተረጋግጹ ኣሎኩም። በነፊት ይወሃበኒ ክትብሉ እንተደኣ ደሊኹም፡ ኣባይቲ ምስረኸብኩም ናብቲ ናይ ከባቢኩም ክፍሊ በነፊት ናይ ኣባይቲ ዝብል ቤት ጽሕፈት ኪዱ፡ ደሓር እቲ ናይ ቅድሚ ምክራይ ውሳኔ ዝበሃል ፎርም ምልእዎ። እዚ ድማ ናይ ኣባይቲ በነፊት ይግበኣኩም ምዃኑ ንምርግጋጽ ይሕግዞም።

መብዛሕትኦም ናይ ግሊ ወነንቲ ኣባይቲ ናብቲ እትካረዮ ኣባይቲ ቅድሚ ምግዓዝካ ትሕጃ ክትከፍል ይሓቱ እዮም። እቲ እተትሕዝዎ ትሕጃ ድማ መብዛሕትኡ ግዜ ናይ ሓደ ወርሒ ክራይ ዝኣክል እዩ፤ ግን እቲ ዋጋ ክፈላለ ይክእል እዩ። ኣብ መወዳእታ ኩንትራት ናይቲ ክራይካ፡ እቲ ትሕጃ ክምለሰልካ ኣለዎ። ትሕጃ ንምትሓዝ ናይ ገንዘብ ሓገዝ እንተደኣ ኣድልዩካ፡ ነቲ ናይ ኣባይቲ ኣማኻሪኻ ኣብ ከባቢኻ ብዝዕባ ክርከቡ ዝኽእሉ ዝኾነ ይኹን ናይ ክራይ ትሕጃ ኣሰኣራርሓ ዝሕብሩ ክነግረካ ሕተቶ።

ካብ ናይ ግሊ ኣካረይቲ፡ ኣባይቲ እንተደኣ ተኻሪኹም፡ ብዛዕባ ዝህልወኩም ሕጋዊ ዝኾነ መሰላት ክትፈልጡ የድልየኩም። እቲ ናይ ዓዲ እንግሊዝ ሃገራዊ ናይ ኣባይቲ ገብረ ሰናይ መዕቆቢ (Shelter) ከም ተኻራዪ መጠን ዘሎኩም መሰላት ብዝምልከት ምኽሪ ክህበኩም እዩ (ኣድራሽኦም ኣብ መወዳእታ ናይዚ ሓጺር ጽሑፍ እዚ ኣሎ)።

ብNASS ሓገዝ ክትረኽቡ እንተደኣ ጸኒሕኩም፡ እሞ NASS ካብቲ ዘሎኽሞ መንበሪ ኣባይቲ ከውጻእኩም ሒደት መዓልታት እንተተሪፍዎ'ሞ መንበሪ ኣባይቲ ገና ዘይረኸብኩም እንተኾንኩም፡ ነቲ ናይ ከባቢኹም በዓል ስልጣን ናይ ኣባይቲ ኣማኻሪ ኣገልግሎት ምኽሪ ክኽህበኩም ክትውከስዎ ኣሎኩም። ዋላ እኳ በቲ ናይ ዓዲ እንግሊዝ ናይ ኣባይቲ ሕጊ መሰረት ኣባይቲ ኣልቦ ምዃንኩም እንተዘየረጋገጹ ምኽሪ ግን ክህብኹም ይግብኦም። ንኣብነት ብግሊ ናይ ዘካርዩ ወነንቲ ኣባይቲ ወይድማ ናይ ሆስቴላት ዝርዝር ኣስማት ክህብኹም ይኽእሉ እዮም።

## ናይ ናብራ ወጻኢታት ሓገዝ

ኣብ ናይ ናብራ ወጻኢታት ሓገዝ እንተደኣ ደሊኹም፡ እቲ ካብ ሚኒስትሪ ወጻኢ ጉዳያት ዝተወሃብክሞ ውሳኔ ዝሕዘ ደብዳቤ ከምእውን ካብ NASS ዝተቐበልክሞ እቲ ካብ NASS እትረኽብዎ ዝነበርኩም ሓገዝ ከምዘቋረጸ ዝገልጽ ደብዳቤ (ወይውን እቲ ዝተወሃበኩም NASS 35) ሒዝኩም ብዝቐልጠፈ ናብ ከባቢኩም ዝርከብ ናይ ስራሕን ሓገዛትን ቤት ጽሕፈት (jobcentre plus) ኪዱ።

ኣብኡ ድማ ነቲ 'ናይ ደለይቲ ስራሕ' ክፍሊት ዝበሃል በነፊት ከተመልክቱ ትክእሉ ኢኩም። ስራሕኩም ትሑት ደሞዝ ዝኽፈሎ እንተደኣ ኮይኑ፣ ነቲ ኣብ ኣታዊ ዝተሞርኮሰ ናይ ደለይቲ ስራሕ ክፍሊት ከምእውን ናይ ካውንሰል ቀረጽ በነፊት ንኽወሃበኩም መሰል ይህልወኩም ይኽውን። ከምእውን ናይ ብሃገራዊ መድሕን ድርጅት ቁጽሪ (national insurance number) ንኽወሃበኩም ከተመልክቱ ትኽእሉ ኢኹም (ክሳብ ሕጂ እንተደኣ ዘይተዋሃበኩም ኮይኑ)። እዚ ቁጽሪ እዚ በነፊትኩም ንክትክፈሉ ወይድማ ስራሕ ምስ ረኸብኩም እቲ ኣስራሒኹም ንኽኽፍለኩም ዘድሊ ቁጽሪ እዩ።

## ሓገዝ ናይ ኣቑሑት

ኣቑሑት እንተደኣ ደሊኹም እሞ (ብመልክዕ ናይ ደለይቲ ስራሕ ክፍሊት) በነፊት ድማ ይወሃበኩም እንተደኣ ኣሎ ኮይኑ፡ ካብቲ ናይ ካባቢኹም ናይ ስራሕን ሓገዛትን ቤት ጽሕፈት ናይ ማሕበረሰብ ኬር ግራንት (community care grant) ዝብል ናይ መመልከቲ ፎርም ውሰዱ። ናይ ኮሚኒቲ ኬር ግራንት ዝበሃል ሓደሓደ ጠቐምቲ ኣቑሑ ንምግዛእ ዝወሃበኩም ገንዘብ እዩ። ነቲ ፎርም ንምምልኡ ምእንቲ ክሕግዝኹም ናብቲ ናብ ከባቢኹም ዝርከብ CAB ወይድማ ካልእ ናይ ምኽሪ ማእከል ወይውን ናይ ማሕበረሰብ ጉጅለ ውሰድዎ።



Registered charity no. 1014576 Registered company no. 2727514 Registered address: 240-250 Ferndale Road London SW9 8BB

## ዝያዳ ሓበሬታ ኣበይ ይረክብ?

ሓገዝ ንምርካብ እቲ መጀመርያ እትኸድዎ ኣካል እቲ ኣብ ከባቢኹም ዝርከብ ናይ ኣባይቲ ኣገልግሎት በዓል ስልጣን ክኸውን ኣለዎ።

እንተኾነ ግን ኣብቲ ዝተፈላለየ ምኽሪ ዝርከበሉ ቤት ጽሕፈት (CAB) ብምኻድውን ምኽሪ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም። ነፍሲ ወከፍ ከተማ ናይዚኣቶም ስልኪ ቁጽሪታት ኣለዋ። ከምእውን ናይ ኣባይቲ ምኽሪ ዘጽንዐ መዕቖቢ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ገብረ ሰናይ ማሕበር ኣሎ። ንመዓልቲ ን 24 ሰዓታት ብስልኪ ቁጽሪ 0808 800 4444 ብናጻ ክትድውልሎም ትኽእሉ ኢኹም። ኢንተኣድልዩኹም ድማ ብተሌፎን መስመር ዝትርጉም ሰብ ከዳልውልኩም ይኽእሉ እዮም። ብዛዕብኦም ካልእ ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ ድማ ኣብቲ www.shelter.org.uk ዝብል መርበብ ሓበሬታኦም ክትርእዩ ትኽእሉ ኢኹም።



Registered charity no. 1014576 Registered company no. 2727514 Registered address: 240-250 Ferndale Road London SW9 8BB